02/04/2009

# መርሓባ ንእኽሊ፣ ፎእ ንክርዳድ

ኩሉ ኣብ ኩርናዓት ዓለምና ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ኣብ ልዕሊ ሃገሩን ህዝቡን ዘለዎ ፍቕሪ ሓድነቱን ባህሉን ክብርታቱ ንምዕቃብ ዘካይዶ ጻዕሪ ልዕሊ እቲ ውልቃዊ ናብርኡ ቀዳምነት ሰሪዑ ዝሰርሓሉ እዩ እንተተባህለ ምግናን ወይ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን።

እዚ ማለት ግን ውሑዳት በጸብዕቲ ዝቑጸሩ ውልቀሰባት ሕማቕ ናይ ሃገሮም ንኽሰምዑ ገጾም ዝበርህ፣ ህዝቦም ክጠምን ክጸምእን ወትሩ ዝምነዩ፣ ሃገሮም ክትውረር ህዝቦም ክበታተን ኤርትራ ዳግማይ ኣብ ባርነት መግዛእቲ ንዳግማይ ተመሊሳ ክትቁረን፣ ከቶ እቲ ኣብ ዓለም ዘሎ ሕማቕ ንህዝቦም ከጓንፎ ዝምነዩ፣ ንነብሰይ ይጥዓመኒ ኢሎም ብውልቃዊ ረብሓን ሃነፍነፍን ዝተታለሉ፣ ብደም ስዉኣት ኤርትራውያን ዝላገጹ ዑሱባት ወያነ፣ ገና ብድሑር ኣታሓሳስባ ብኣውራጃን ሃይማኖትን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ወትሩ ዝጽዕሩ ክርዳድ ናይዚ ህዝቢ፣ ውሑዳት ደኣ ይኹኑ እንበር የለዉን ማለት ኣይኮኑን። ነዚ ኣብ መትከሉን ሓድነቱን ኣብ ጎሊ ህዝቡን መንግስቱን ኣብ ኩሉ ዘጋጠመ ብድሆታት ጠጠው ኢሉ ዝመከተን ገና ዝምክት ዘሎን ኣብ ስደት ዝነብር ኤርትራዊ ሓድነቱ ንምብትታን ዘየሎ ናይ ሓሶት ወረታት እናበታተኑ ዝተፈላለየ ሽርሕታት ፈቲኖም ገናውን ይፍትኑ ኣለዉ።

ኣነግን ብዛዕባ ክርዳድን ዋናታቱን ዘይኮንኩ፣ ብዛዕባ እቲ ዝተሓፍሰ እኽሊ እየ ክገልጽ።

ኩላትና ከም ዝተኸታተልናዮ ብሰንበት 29/03/2009 ኣብ ከተማ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ ልዕሊ 850 ኤርትራውያን ተቐማጦ ለንደን ዝተኻፈሉዎ ሰፊሕን ዕ ዉትን ሃገራዊ መኸተ ተኻይዱ ኔሩ። ኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ። ኣብ መግለጺኡ ኣምባሳደር ንህሉው ኩነታት ሃገርና ኣመልኪቱ፣ ኣብ ቑጠባ ዝተጓናጸፍናዮም ዓበይቲ ዓወታት ኣብ ኩሉ ጽላታት ዝተሰርሐ ዕዉት ስራሕ፣ መንደግስቲ ኤርትራ ዝሰለየ ገዚፍ ባጀትን ናብ መላእ ኤርትራ ዘማራቕሕ ኣመልኪቱ ዓሚቕ ትሕዝቶ ዘለዎ ንኹሉ ንጹር ፖሊሲታት መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሓቅን ክዉንነትን፣ ብዘይ ቃል ኣጋንኖ ነቲ ኣብ ባይታ ዝትግበር ዘሎ፣ ጽፉፍን ብሩህን መግለጺ ኣቕሪቡ።

በዚ ሕጂ ተተግቢሩ ዘሎ ኣብ ቁጠባዊ ሓርነት ዓቢ ዝላ ንቕድሚት ምኽኑ፣ በዚ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ብዑቱብ ተተሓሒዝዎ ዘሎ ወፍሪ ልምዓት ኣብ ህዝብን ሃገርን ኣብ ሓጺር ግዜ ዓቢ ለውጥ ክርኣይ ምኽኑ ኣየጣራጥርን እዩ።

ነዚ ኣገዳስን ዓሙቕን ትሕዝቶ ዘሎዎ ሰሚናር መኸተ፣ ህዝቢ ብጽሞና ድሕሪ ምክትታል፣ ዘለዎም ሕቶን ርኢቶን ኣቕሪቦም፣ ብኣምባሳደርውን ኣፅጋቢ መልሲ ተዋሂብሉ።

ተሳተፍቲ ሰሚናር ብሓደ ቃልን፣ ብሓደ ህርመት-ልብን ኻኹሉ ዘጋጥም ብድሆታት ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ምኳኖም ኢድ-ንኢድ ብምትሕሓዝ ደገፎም ብሓደ ድምጺ ብዓውታ ኣነጺሮም። ነቲ ክሳብ ሕጂ ተሳላሲሉ ዘሎ ልምዓት ከኣ ሞጊሶም።

ከምዚ ዓይነት ሃዋሁ ክትርኢ ከለኻ፣ ብኤርትራውነትካ ዝያዳ ትሕበን። እቲ ኩሉ ንህዝቢ ኤርትራ ንምብትታን ዝተገብረን ገና ዝቕጽል ዘሎ ኣጉል ሽርሕታትን ውዲታትን ከንቱ ምኳኑ፣ ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናሓየለ ይመጽእ ከምዘሎ ኤርትራውያን ተቐማጥ ለንደን ዓቢ ህያው ምስክር ኮይኖም።

ንኣምባሳደር ተስፋሚካኤል ገራህቱ ስለቲ ዝሃቦ ጽፉፍን ዓሙቕን ንጹርን ኣብ ሓቅን ዝተሞርኮሰ ሰፊሕ ኣስተምህሮን ሓበሬታን እንዳኣመስገንኩ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ከኣ ከምዘለዎን ካብኡ ብዝሓየለን ኣብ ሓድነቱ ጸኒዑ፣ ብኣጉል ሽርሕታት ከይተደናገረ ስለ ህዝብን ሃገርን መዝሙሩ ክኸውን ይላቦ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ካብ ተኻፋሊ ሰሚናር
ያሲን ኢብራሂም